

# ዓበቕ

## ዓበቕ እንታይ እዩ?



ዓበቕ ዘስዕብ ተላባዒ ሕማም ናይ ቆርበት ኮይኑ ሰሓ ድማ ይገብር።




ዓበቕ ማይትስ ብዝበሃሉ ደቀቕቲ ጣንጡ እዩ ዝመሓላለፍ። ኣብ ቆርበትካ ጉድጓድ ይገብሩ እሞ እንቋቑሖ ይወልዱ።



ዓበቕ ባዕሉ ኣይሓልፍን እዩ፣ ስለዚ ክትሕክሞ ኣለካ።

## ዓበቕ በዚ ክሓልፍ ይኽእል፡



ምስ ሓደ ዓበቕ ዘለዎ ሰብ ብቀጥታዊ ምትንኻፍ ናይ ቆርበት ምስ ቆርበት፤



ምስ ሓደ ዕበቕ ዘለዎ ሰብ ክዳን ወይ ልብሲ ዓራት ብምክፋል።

## ዓበቕ ኣሎካ ዲዩ?

ኣብ ዝሓለፉ 6 ሰሙናት ብቐረባ ዝተራኸብኩም ሰብ ንገር። ንሳቶም እውን ሕክምና የድልዮም እዩ።





ንምንታይ? እቲ ዓበቕ ንኽምዕብል ካብ 2-6 ሰሙን ይወስድ፡ ቅድሚኡ ግን ናብ ካሎኦት ክተመሓላልፎ ትኽእል ኢኻ።

## ብኸመይ ትሕከሞ?



ብመልክዕ ከኒና ወይ ክሬም። እዚኦም ካብ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ወይ ፋርማሲኻ ይርከቡ።



ብቫክዩም ዝጽረግ ሶፋታት፡ መሸፈኒታትን ምንጻፋትን።



ክዳውንቲ፣ ልብሲ ዓራት፣ መንጻፍን፡ ኣቑሑ መጸወቲታትን፡ ኣብ 60 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ምሕጻብ። ወይ ድማ ኣብ ዝተዓሸገ ናይ ሳንዱቕ ቦርሳ፡ ኣብ ናይ ክፍሊ ሙቐት (18-20°C) ን3 መዓልታት ምቕማጥም።




ድሕሪ ሓደ ሰሙን ኩሉ ስጉምትታትካ ደግሞ።

## ካልእ መን እዩ ክሕከም ዘለዎ?

ዝኾነ ካብ ኣባላት ገዛኻን ዝኾነ/ነት ሰብ ወይ ድማ ዝኾነ...





... ጾታዊ ርክብ ዘለዎ ሰብ፤



... ቆርበት ምስ ቆርበት ቀጥታዊ ርክብ ዘለዎ (ልዕሊ 15 ደቓይቕ)፤



... ዓራት ብሓንሳብ ዝካፈል ምሳኻ፤



... ናይ ሓባር ክዳውንቲ፡ ልብሲ ዓራት፡ መንጻፍ ወይ ኣቑሑ መጻወቲ ዝካፈል።



**ኣገዳሲ!**

ኩሉ ሰብ ኣብ ሓደ ግዜ ክሕከም ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ካብቲ ሕማም ኣይትገላገልን መሊስካ ድማ ዓበቕ ክሕዘካ ይኽእል ኢዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.rivm.nl/en/scabies/ti ተወከሱ።

ወይ ድማ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ወይ ንናይ ከባቢኹም ህዝባዊ ጥዕና ኣገልግሎት (GGD) ተወከሱ።

እዚ ናይ RIVMን GGDን ናይ ሓባር ሕትመት እዩ።

National Institute for Public Health and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

014785